ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INFORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

# ዝተፈላለዩ ዜናታት ኤርትራ !!

## • ኤርትራዊ ሚጀር ዜጋታት ንምድሓን ህይወቱ በጀዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ከባቢ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዑቕባ ንምሕታት ዝተበገሱ ሓሙሽተ ስድራ ቤታት፣ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞን ከቢድ ድኻምን ሕማምን ፣ ከተማ ጸሮና ሓሊፎም ናብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይጓዓዙ ኣብ ዝነበርሉ፣ ኣብ ኢድ "መስሓል ኣኽራን" ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ኤርትራ ከም ዝወደቑ፣ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ደቡብ ኤርትራ ሓቢሮም። ሓደ ካብ'ቶም መራሕቲ ናይቲ ሰራዊት፣ ሚጀር ኣባዲ ሃይሉ ዝተባህለ፣ መግቢ ይኹን ኣፋውስ ከህቦም ስለ ዘይከኣለ፣ ዝነበርዎ ዘሰንብድ ኩነታቶም ብምርኣይ ፣ ጉዕዝኦም ንክቕጽሉ ኣፍቂዱሎም። እቶ ተጓዓዝቲ ስድራ ቤታት፣ ኣቶ ኣባዲ ዘርኣዮ ርህራሄ ብምምስጋን፣ ጉዕዞኦም ቀጺሎ። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ሓንቲ ካብ ቁሸታት ኣኽራን "ዓዲ ጠላዕ" ዝተባህለት፣ ብኣሃዱታት ክፍሊ ስለያ ከም ዝተታሕዙ፣ ምንጭታትና ኣረጋጊጾም። ኣብቲ ቦታ ብኸመይ በጺሖም ካበይ ከ ተበጊሶም፣ ናበይ ገጾም ይኸዱ ኣለዉ ንምፍላጥ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደን፣ ሓይልን ሙጉቡዕባዕን ዝተሓወሶ መርመራን ተኻይድሎም። ብሰንኪ'ቲ ዝገጠሞም ከቢድ መርመራ፣ ገለ ካብ'ቶም ተሳፈርቲ፣ ጉዕዞና ክንቕጽል ሚጀር ኣባዲ ሃይሉ ኢዩ ኣፍቂዱልና ክብሉ ተኣሚኖም። ድሕሪ'ዚ ናብ'ቲ ሰራዊት ዓሪዱሉ ዝነበረ መደበር ማለት ናብ "መስሓል ኣኽራን" ሒዘሞም ከዱ። ኣብኡ ምስ በጽሑ፣ ቀጥታ ንሚጀር ኣባዲ ብምጽዋዕ፣ ንምንታይ ጉዕዞኦም ንክቕጽሉ ኣፍቂድካሎም ኢሎም ከፈራርሕዎን ከዋጥርዎን ጀሚሮም። ብረቱ ከውርድ'ውን ሓቲተሞ። ዋጋ ናይ'ቲ ዝገበሮ ህይወቱ ከኽፍልዎ ምዃኖም ምስ ተገንዘበ፣ "ብድኻምን ብሕማምን ተጠቂዖም ምስ ረኣኽዎም፣ መግቢ ይኹን መድሃኒት ከነቕርበሎም ብዘይ ምኽኣልና፣ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ካብ ዝሞቱ፣ ጉዕዞኦም ንክቕጽሉ ኣፍቂደሎም" ክብል መሊስሎም። ብረት ምውራድ ምስ ኣበየ ብሓይሊ ኣገዲዶም ብረቱ ከውርዱሉን ክኣስርዎን ኣብ ዝፈተንሉ፣ ብረቱ ዓሚሩ ድፋዕ ሓዘ። ቀጥታ ተኹሲ ከፊቱ፣ ሰለስተ ካብ ኣባላት ናይ'ቶም ኣሃዱ ስለያ ክቕተሉ ከለዉ፣ ሚጀር ኣባዲ ሃይሉ ከኣ ብጥይቶም ተወጊኡ፣ ብኡ ንብኡ ተሰወአ። እቶም ስድራ ቤታት ኣብቲ ቦታ ጌና ተታሒዞም ምህላዎም ምንጭታት ግሃድኤ ኣረጋጊጾም።

## • ኤርትራ፣ ኣፍራዪ ዓቕሚ ሰባ እና ኸሰረት ትኸይድ ዘላ ሃገር !

ኣብ ዘሓለፈ ሰሙን ኢንጅነር ኻልድ ሳልሕ ንሰርዓት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ራሕሪሑ ናብ ካናዳ ከም ዝኣተው እሙናት ምንጭታትና ካብ ኤርትራ ሓቢሮም፡ ኢንጅነር ኻልድ ሳልሕ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡቡ ካብ 2000 ዓ.ም. ጀሚሩ ከም ሓላፊ ጨንፈር መሃንደሳዊ ኣገልግሎት ክሰርሕ ደሕሪ ምጽናሕ፣ ብመሰረት ጉጅለ ህግደፍ ዝገበር ዳግመ ውደባ፣ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ካብ 2013 ኣትሒዙ ክሳብ 10/03/2017 ከም ሓላፊ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ኮይኑ ንሰርዓት ኢሳይያስ ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብሰራሕ ምኽንያት ናብ ሃገረ ዱባይ (ኢማራት ዓረብ) ምስ ተላእከ፣ ናይ ምምላጥ ዕድል ስለ ዝረኸበ፣ ኢንጅነር ኻልድ ሳልሕ ን ራሕሪጉጀለ ህግደፍ ራሕሪሑ፣ ካናዳ ከም ዝኣተወ፣ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ሰራዓት ኢሰያሰ ዓቕሚ ሰብ ኤርትራ ንምጽናት ውራየይ ኢሉ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑ ዝተረጋገጸ ኮይኑ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ጥራይ፣ ኣብ መሓውር ኢቲ ሰርዓት ኣብ ኣገዳሲ ትካላት ክሰርሑ ዝጸንሑ ልሉይ ዓቅምን ብቕዓትን ዝውንኑ መንእሰያትን ምሁራትን፣ ብሰንኪ ልዕልና ሕጊ ኣብ ሃገርና ጠፊኡ ብምህላዉ፣ ኣሰታት 150 ዝኾኑ ነታ ሃገር ራሕሪሑም ናብ ሰዳት ከም ዘምረሑ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

- ## *ኢትዮጵያ፣ ኣብ መደበር ኢትዮጵያን ተቓወምቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ መጥቃዕቲ ኣካይዳ።*

*ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ መደበር ኢትዮጵያውያን ተቓወምቲ ከም ዘጥቀዐ ምንጮታትና ሓቢሮም። ብዕለት 4 መጋቢት ወጋሕታ ኣብ ከባቢ "ከሎማ" "ገርሰለ" ዝተባህለ ኣብ ደንካልያ ዝርከብ ሰፈር፣ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከብሉ መደበር፣ ሓይልታት ሰራዊት ኢትዮጲያ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ እቲ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ኣብቲ ቦታ ዓሪዶም ዘለዉ ተቓወምቲ ኢትዮጵያን መብዛሕቲኦም ካብ ኦሮሞ ከኾኑ ከለዉ፣ ተቓወምቲ መንግስቲ ሶማልን፣ ተቓወምቲ መንግስቲ ጂቡትን ኣብቲ ቦታ ከም ዝርከቡ'ውን እቲ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ።*

*ሓይልታት ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ብመሬት ጅቡቲ ኣቢሎም ነቲ ቦታ ከም ዝሃጀሙ እቲ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ምኽንያት ናይ'ዚ ድማ፣ እቲ ዘጥቀዕዎ ቦታ፣ ካብ ዶብ ጅቡቲ ርሕቀቱ 30 ኪሎሜተር ክኸውን ከሎ፣ ካብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ግን ዳርጋ 60 ኪሎሜተር ከም ዝርሕቕ ተፈሊጡ።*

*ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፣ ምስ ዓበይቲ ወትሃደራውን ጸጥታውን ሓለፍቲ፣ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት፣ ኣብቲ ቦታ ብምብጻሕ፣ ኣብ ቤት ሱልጣን ዓብዱልቓድር ዳዉድ፣ ስልጣን ራሓይታ፣ ምስ መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ ኢትዮጵያ ፍሉይ ኣኼባ ኣካይዱ ምንባሩ፣ ምንጮታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ'ቲ ቦታ ዝለኣኽዎ ጸብጻብ ሓቢሩ።*

- ## *ኤርትራውያን ኣባላት ሰራዊትን ጸጥታን፣ ብሓይልታት ተቓውሞ ኢትዮጵያ ይህደኑ ኣለዉ።*

*ኤርትራውያን ብሓይልታት ተቓውሞ ኢትዮጵያ ይህደኑ ከም ዘለዉ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ብስርዓት ህግደፍ ተመዊሎም ኣንጻር መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት "ደምሒት" ብተደጋጋሚ፣ ኤርትርውያን ወትሃደራት ብሳንጃ ይኹን ብጥይት ድሕሪ ምቕታል፣ ዶብ ሰጊሮም ናብ ሃገሮም ብምምላስ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዶም ከም ዝህቡን ተፈሊጡ። "ድምሒት" ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪሕ፣ ሓደ ናይ ስለያ ሓላፊ ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ወትሃደራት 7 ግዜ ናይ መቕተልቲ ስጉምቲ ከም ዝወሰደ ዝተረጋገጸ ወረ ኢዩ።*

*ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፣ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሓለፍቲ ስርዓት ህግደፍን ኣብ መንጎ መሪሕነት ድምሒትን ዓቢ ናይ ዘይ ምትእምማን መንፈስ ሓዲሩ ምህላዉ እቲ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ። ኣብዚ ዝሓለፈ እዋን፣ ስርዓት ህግደፍ ንሓይልታት ድምሒት፣ ህዝብና ኣብ ምብስባስ ይኹን፣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘለዉ ጎነጽ ከም መፈራርሒ ካርድን ይጥቀመሎም ከም ዝነበረ ህዝብና ኣዕሪዩ ዝፈልጦ ጉዳይ ኢዩ።*

*ካብ'ዚ ዝነቐለ፣ ጉጅለ ህግደፍ፣ ህወትሃደራት ድምሒት ብምሉኦም፣ ኣብ "መደበር ሓድሽ" ዝተባህለ ኣብ ከባቢ ከተማ ተሰነይ ዝርከብ ወትሃደራዊ መደበር ከም ዝእከቡ ገይሩ ምህላዉ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ኣብ መንጎ ዓበይቲ ወትሃደራውን ጸጥታውን ሓለፍቲ ህግደፍ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፣ ኣብ ውሽጢ ውድብ "ደምሒት" ሱልኹ ገይሩ ኣሎ ዝብል ዓቢ ጥርጣሬ ከም ዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ። ኣብ መንጎ ሓለፍቲ ህግደፍን ሓለፍቲ ደምሒትን ኣብ "ጋሕተላይ" ቀጻሊ ኣኼባ ይካየድ ምህላዉ እቲ ዝበጽሓና ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ።*

*"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ" !!*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ !!*
*19 መጋቢት 2017*